

# ክሮይደን ከባቢያዊ ቀረብ (Croydon’s Local Offer) ናይ ምኩራት ክንክን (Care Experienced) መናእሰያት 2023-2024 ብደሓን መፃእኹም

**2023-2024**







CROYDON
www.croydon.gov.uk

# እንቋዕ ናብ ናይ ክሮይደን ከባብያዊ ቀረብ ናይ ምኩራት ክንክን መናእሰያት 2023-2024 ብደሓን መፃእኹም

ኣብ ክሮይደን (Croydon) ኩሉ ኣባል ማሕበረሰብ ነቶም ኣብ ክንክን ዝፀንሑ ኣብ ግዜ ህፃንነቶም ዘጋጠሞም ፀገም ንኽሰግሩን ዕውት ዝኾነ ሂወት ንክመርሑ ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ከም ዘለዎ ንኣምን ኢና፡፡

ንዓኻ ዘለው ኣገልግሎታት ከም ትፈልጥ ንምግባርን ካብ ክንክን (care) ክትወፅእ ከለኻ እንታይ ክትረክብ ከም ትፅበይ ክትፈልጥ ምግባር ሓላፍነትና እዩ፡፡ ምኩር ክንክን (Care Experienced) ኣባል ክሮይደን ማሕበረሰብ ኣባል ከም ምኳንካ ዘለካ ዕላማን ባህግታት ንምስኻዕ ኩሎም ዕድላት ክህልወካ ይግባእ፡፡ ገለገለ እዋን እዚ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮ እዩ ስለዝኾነ እዚ ሰነድ ቀንዲ ክፋላት ደገፍ ዘቐምጥ እንትኸውን እቲ እትደልዮ ነገር ኣብዚ እንተዘይሃልዩ ንዓይ ሕተተኒ ብሓባር ኮይና ክንሪኦ ኢና፡፡

ትካላዊ ወለዲ (Corporate Parent) ከም ምኳና ማዕዳን ደገፍን ንምርካብ ናበይን ናብ መን ክትኸይድ ከም ዘለካ ከም ትፈልጥ ንገብር ንደሊ ኢና፡፡ ካብ ክንክን ትወፅእ ኣለኻ ወይ ካብ ክንክን እንተወፃእኻኳ ዘለና ሓልዮት ተቋሪፁ ማለት ኣይኮነን ከምኡ ድማ ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ኣብ ጎንኻ ኢና፡፡

ክሮይደን ከባብያዊ ቀረብ ኣብ ክሮይደን ዕድመኻ 18 ድሕሪ ምምልኡን ዓብይ ሰብ ናብ ምኳን ክትሳገር ከለኻ ብዛዕባ ዘለው ኩሎም ደገፋትን ኣገልግሎታት መረዳእታ ዝሓዘ እዩ፡፡ እዚ ኩሉ ንምውዳድ ኣብ ተሞክሮ ክንክን ዘለዎም መናእሰያትን መናእሰያትን ብሓባር ሰሪሕና ኢና፡፡ እቲ ነቸርቦ ኣገልግሎት እቲ ዘድልየካ ነገር ምኳኑ ንምርግጋፅ ንትህበና ርኢቶ ምድማፅ ክንቅፅል ኢና፡፡

# ትሕዝቶታት


እንቋዕ ናብ ናይ ክሮይደን ከባብያዊ ቀረብ ናይ ምኩራት ክንክን መናእሰያት 2023-2024 ብደሓን መፃእኹም 2

ትካላዊ ወላድነት እንታይ እዩ? 4

ክሮይደን መናእሰያትን 16+ኣገልግሎት (Croydon Young People's 16+ Service) 4

ንኣኻ እንኣትዎ ቃል 5

ኣብ ሞንጎ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ (Social Worker) ውልቃዊ ኣማኻሪ (Personal Advisor) ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ 6

ትልሚ መንገዲ (Pathway Plan) እንታይ እዩ? 7

ካብ ክንክን ምውፃእ ቃልኪዳን (Care Leaver Covenant) 7

ተሳትፎ ምግባር 8

ገንዘባዊ ጉዳያት፡ ኦፊሰላዊ ሰነዳትን ዕለት ልደት 9

ናብ ገዛ ወይ ሓበራዊ መንበሪ ምኻድ 12

ትምህርቲ፡ ስራሕን ስልጠና 14

ተምሃሮ ዩንቨርስቲ 14

መጎዓዝያ ወፃኢ 15

ጥዕናን ድሕንነት 16

ምኩር ክንክን ወለዲ ንዝኾኑ መናእሰያት 19

ምኩር ክንክን ኣብ ትሕቲ መዕበይ ንዘለው መናእሰያት 20

ምኩር ክንክን ንበይኖም ዝበፁ ዑቕባ ሓተቲ መናእሰያት 20

ዕድምኦም 21ን ልዕሊ 25 ዝኾኑ ምኩር ክንክን መናእሰይ 21

ጥብቅና ደው ምባል፡ ጥርዓናትን ዘይሻራዊ ክትትል 21

ድሕንነት ምሕላው 24

ፀገማት ምግጣም 25

ዝርዝር ኣድራሻ 25

# ትካላዊ ወላድነት እንታይ እዩ?

ናብ ክንክንና ክትመፅእ ከለኻ Croydon Council ትካላዊ ወላኺ ይኸውን፡፡ ብቐሊሉ ንምቕማጥ 'ትካላዊ ወላዲ'ማለት ንሕና ክንክን ንንገብረሎም ህፃናትን ንመናእሰያት ዝሓሸ ክንክን ንምቕራብ ኩሉ ናይቲ ካውንስል ክፍሊ፡ ዝተመረፁ ኣባላትን ሓገዝቲ ኤጀንስታት (ንኣብነት ናይ ጥዕና ወይ ትምህርቲ ኣቕረብቲ) ሓባራዊ ሓላፍነት እዩ፡፡

ናይ ህፃናትን ማሕበራዊ ስራሕቲ ሕጊ 2017 (Children and Social Work Act 2017) 7 ናይ ህፃናት ኣተዓባብያ መለክዕታት ዘካተተ እንትኸውን እዚ ድማ ንዓኻ ኣብ እንገብሮ ደገፍ ኣብ ግምት ክኣትው ኣለዎ፡

1. ጠቓማይ ዝኾነ ነገር ምትግባርን ኣካላውን ኣእምሯውን ጥዕናን ድሕንነትን ኩሎም ካብ ክንክን ዝወፁ ሰባት ምሕላው፡፡

2. ኩሎም ካብ ክንክን ዝወፁ ሰባት ዘለዎም ኣረኣኣዮም፣ትምኒቶምን ስምዒቶምን ንክገልፁ ምብርትታዕ።

3. እቲ ኣረኣእያ፣ትምኒትን ስምዒትን ሕድሕድ ካብቲ ክንክን ዝወፅእ ሰብ ኣብ ግምት ምእታው፡፡

4. ካብ ክንክንዝወፁ መናእሰያት በቲ ከባብያዊ ሰበስልጣንን (Croydon Council) ተዛመድቲ ኣካላት (ንኣብነት ጥዕና ወይ ትምህርቲ ኣገልግሎት) ዝቐርብ ኣገልግሎት ናይ ምርካብ ዕድል ክረኽቡን ብዝግባእ ንክጥቀሙ ደገፍ ምግባር፡፡

5. እቶም ካብ ክንክን ዝወፁ ዝሓሸ ውፅኢት ንክህልዎም ልዑል ዝኾነ ምልዕዓልን ውፅኢት ክህልዎም ምግባር፡፡

6. እቶም ካብ ክንክን ዝወፁኣብ መነባብሮ ገዛኦም፣ርክቦም፣ትምርቶምን ስሮሖምን ዝተረጋግዑን ውሑሳትን ክኾኑ ምግባር።

7. ካብ ክንክን ንዝወፁ መናእሰያት ዓርስኻ ክኢልካ ምንባርን ዓብይ ሰብነት ንምስግጋር ምድላው ምግባር፡፡

# ክሮይደን መናእሰያትን 16+ኣገልግሎት




ክሮይደን መናእሰያት 16+ ኣገልግሎት 11 መናእሰያት ዘካተተ ጉጅለ እዩ፡፡ ሕድሕድ ጉጅለ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ከምኡ ድማ ውልቃዊ ኣማኻሪ ኣማሓዳሪ ጉጅለ ዘካተተ እዩ፡፡ ኣብ ክንክን ውሽጢ እንተኾይንካን ዕድመኻ ትሕቲ 18 እንተኾይኑ ብ ማህበራዊ ሰራሕተኛደገፍ ይግበረልካ፡፡ ኣብ ገለገለ ኩነታት ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ዕድመኻ 18 ምስ መልአ እውን ዝገብሮ ሓገዝ ክቕፅል ይኽእል እዩ፡፡ ውልቃዊ ኣማኻሪ ጉጅለ ኣባል ዝኾነ ሰብ ዕድመኻ 18 ድሕሪ ምምልኡ ንዓኻ ናይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ዝወስድ እንትኸውን፤ እንተኾነ ግና ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ዕድመኻ 18 ድሕሪ ምምልኡ እውን ዝገብሮ ሓገዝ ዝቕፅል እንትኸውን እዚ ድማ እዚ ትኽክለኛ ውሳነ እንተኾይኑ እዩ፡፡ ውልቃዊ ኣማኻሪ ዕድመኻ 17 ምስ መልአ ዝፋለጠካ እንትኸውን እዚ ድማ ዕድመኻ 18 ቅድሚ ምምልኡ ውልቃዊ ኣማኻሪ ንክትፋለጦ እዩ፡፡ ማህበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ዕድመኻ 21 ክሳዕ ዝመልእ ደገፍን ሓገዝ ክገብረልካ እዩ፡፡ ደገፍ ወይ ትምህርቲ ምርካብ ክትቕፅል እንተድኣ ደሊኻ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ዕድመኻ 25 ክሳዕ ዝመልእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡

# ንኣኻ እንኣትዎ ቃል

**ናይ መናእሰያት 16+ ኣገልግሎት ኣብ ኣብ ክንክን ዘለው ህፃናት (children in care) ከምኡ ድማ ሙኩር ክንክን መናእሰያት ፅቡቕ ዝኾነ ስራሕቲ ንምስራሕ ዝኣተውናዮ ቃል ምኽባር፡**

| | |
|---|---|
| **ኣነ ከም ዝሰምዓካ በዚ መንገዲ ክርእየካ እየ፡** | ✓ ዘለውኻ ኣመለኻኽታት ምድማፅ<br>✓ እትደልዮ ነገር ንምስኻፅ ዘኽእለካ መንገድታት ምእላሽ |
| **ኣነ ከም ዝሪኣካ በዚ መንገዲ ክርእየካ እየ፡** | ✓ ክመፅእየ ኣብ ዝበልክሉ ሰዓት ምምፃእ<br>✓ እንታይ ከም ዝስመዓካ ምርኣይ |
| **ኣነ ከም ዝሓልየልካ በዚ መንገዲ ክርእየካ እየ፡** | ✓ ብዛዕባ ድሕንነትካ ምሽቓል<br>✓ ከም ዝተወለድካሉ ዕለት ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ዝኾነ መደባት ምዝካር |

**ንዓኻ ንሕግዘካ ብ፡**

- ✓ ንዓርስኻ ዝተመደበ ሰራሕተኛ ምቕራብን ንሶም እንተዘይረኺብካዮም ንመን ክትረክብ ከም ዘለካ ንክትፈልጥ ምግባር፡፡ ብስሩዕ ርክብ ይቕፅሉን ብስሩዕ ይጉብንዩ፡፡
- ✓ ንስኻን ስድራኻ መዓዝ ከም ትራኸቡ ወይ ትረኣኣይሉ መንገዲ ምዝርራብን ናይ መጉዓዝ መደብ ምድላውን ዘይከኣል እንተኾይኑ ድማ ንምንታይ ከም ዝኾነ ምግላፅ፡፡
- ✓ ክንድዝከኣለና ሓውታን ኣሓትን ብሓባር ክኾኑ ምግባር፡፡
- ✓ ንኣኻ ዝኣተውናዮ ቃል ብዝግባእ ንፍፅም ከም ዘለናን መንገዲ ትልምኻ ከም ዝተመሓየሸ ብስሩዕ ምግምጋም፡፡
- ✓ መናእሰያት ከም ሞያን ስራሕትን ኣብ ክንክን ዝርከቡ ህፃናት ን ምኩር ክንክን ንዘለዎም መናእሰያት ብዛዕባ ዝፀልዎም ነገራት ንምርዳእ ስልጠና ክረኽቡ ምርግጋፅ፤ እዚ ድማ እቲ ብሉፅ ዝኾነ ክንክን ንክረኽቡ እዩ፡፡
- ✓ ጥርዓን ብኸመይ ከም ተቕርብ ክትፈልጥ ምግባርን ብቕልጡፍ ነቲ ጥርዓን ኣብ ምፍታሕ ደገፍ ምግባር፡፡

# ኣብ ሞንጎ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ውልቃዊ ኣማኻሪ ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ?

እቲ ኣዝዩ ጠቓማይ ዝኾነ እጃም ማህበራዊ ሰራሕተኛ ን ውልቃዊ ኣማኻሪ ንህፃናትን መናእሰይን እሙን ዝኾነ ሰብ ብምኳን ናይ መምርሒ፡ ደገፍን መረዳእታን ፍልፍል ምኳን እዩ፡፡

ማህበራዊ ሰራሕተኛ ሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎ ኣብ ክንክን ዘለው ህፃናት ዕድምኦም 18 ክሳዕ ዝኸውን እንትኸውን ዕድምኦም 18 ምስ መልአ እውን ትኽክለኛ ውሳነ እንተድኣ ኮይኑ ምሳኻ ምስራሕ ክቕፅሉ ይኽእሉ እዮም፡፡

ማህበራዊ ሰራሕተኛ ፈላማይ መንገዲ ትልምኻ የዳልው፡ ዝኾነ ዓይነት ገምጋም የካይድን ኣብ ክንደኻ ፣ምስ ካልኦት ኣገልግሎታት ይዋደድ፡፡

ውልቃዊ ኣማኻሪ ዕድምኦም ካብ 17 ክሳዕ 25 ንዝኾኑ መናእሰያት ደገፍን ማዕዳን የቕርብ ከምኡ ድማ ምኩር ክንክን ዝወፁ መናእሰያት ድሕሪ ምውፅኦም ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ስለዘየድልዮም ብምቕፃል ውልቃዊ ኣማኻሪ ዝምደበሉ ይኸውን፡፡

ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ብስሩዕ ይከታተለካን ዝርዝር ኣድራሻ የቕርበልካ፡፡ ብተወሳኺ ድማ፡

- ✓ ኣብ መረዳእታ ዝተመስረተ ውሳነ ንክትውስን ንምግባር ዘለው ደገፋት ክትርዳእ ይሕግዘካ፡፡
- ✓ እንተነኣሰ ኣብ ሕድሕድ 6 ወርሒ መንገዲ ትልሚ ይግምግም፡፡
- ✓ ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ምስ ዝርከብ ማሕበረሰብ ክትተኣሳሰር ይሕግዘካ፡፡
- ✓ ዓርስኻ ክኢልካ ንክትነብር ዘኽእለካ ክእለት ኣብ ምምዕባል ሓገዝ ምግባር፡፡
- ✓ ናይ ስራሕ ልምዲ፡ ስራሕን ስልጠናታት ንክትረክብ ይሕግዘካ፡፡
- ✓ መንነትካን ድሕረባይታኻ ንክትርዳእን ኣወንታዊ ዝኾነን ቀፃልነት ዘለዎ ርክብ ምስ ስድራን መሓዙትን ንክተመዕብል ይሕግዘካ፡፡
- ✓ ርእሰ ምትእምማን ዓርሰ ምትእምማን ከተማዕብል ከምኡ ድማ ፅልዋ ኣብ ዘብፅሓልካ ወሰንቲ ጉዳያት ርኢቶኻን ሓሳባትካን ከተስምዕ ዘለካ ክእለት ክተመዕብል የተባብዕ፡፡


# ትልሚ መንገዲ እንታይ እዩ?

ዕድመኻ 15ን 9 ወርሒ ምስ መላኣካ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ምሳኻ ብምርኻብ መንገዲ ትልሚ ከዳልው እዩ፡፡ ዕድምኡ ካብ 16 ክሳዕ 21 ዝኾነ ኣብ ክንክን ወይ እንናበረ ክንክን ዝገበረሉ ሕድሕድ ሰብ መንገዲ ትልሚ ዘለዎ እንተኸውን ዕድመኻ 21 ምስ መልአ ኣገልግሎት እንተድኣ ደሊኻ ወይ ኣብ ትምህርቲ ደገፍ እንተደሊኻ ድማ ክሳዕ 25 ይኸውን፡፡

ፈላማይ መንገዲ ትልሚ ውልቃዊ ትምህርቲ ትልሚ (personal education plan) ክንክን ትልሚ መሰረት ይገብርን የካትት፡፡ እዚ ድማ ምሳኻ ብምኳን ብ ማህበራዊ ሰራሕተኛ ይፀሓፍን ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ድማ ደገፍ ክገብረልካ እዩ፡፡

እቲ መንገዲ ትልሚ ዓርሰኻ ሙሉእ ቡሙሉእ ኣብ ምኽኣል ምሉእ ናፅነትን ብፅሕናን ዝድግፈካ ዝበለፀ መንገዲ ዝምልከት ሓበሬታ እዩ፡፡ ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ጥዕና፡ ፋይናንስ፡ ማሕበራዊ ድልየት፡ ርክብን እትነብረሉ ከባቢ የካትት፡፡ እቲ ትልሚ ድልየታትካ ብዘመላእ መንገዲ ዝፀሓፍ እንተኸውን ዘለካ ሪኢቶ ሓዊሱ ንመፃኢ ዘለካ ተስፋ ዘካትት እዩ፡፡ እንተነኣሰ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ ብስሩዕ እዚ ዝግምገም እንተኸውን እዚ ድማ እዞም ዕላማታት ሕጂ እውን ትኽክልን ይማልኡ ከም ዘለው ንምርግጋፅ እዩ፡፡

# ካብ ክንክን ምውፃእ ቃልኪዳን




ብዛዕባ ካብ ክንክን ምውፃእ ቃልኪዳን ሰሚዕኻ ዲኻ?

እቲ ቃልኪዳን ብመንግስታዊ፡ ውልቃውን ወለንታዊ ትካላት ዝተኣተወ ቃል እንተኸውን ምኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ናይ ስራሕ፡ ምደባ ስራሕ፡ ኣብ ዓበይቲ ትካላት፡ መንግስታዊ ትካላት፡ ሙዝየም፡ ቲያትር ወይ ፕሪምየምሊግ ናይ ኩዕሶ ክለባት (Premier League football clubs) ኣሞክሮ ክሰርሑን ከምኡ ድማ ኣብ ዎርክሾፕ ወይ ናይ ሂወት ክእለት ስልጠና ዕድላት ምቕራብ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ገንዘብካ ንምምሕዳር ፍልፍላትን መሳርሕታትን ካብ ባርክለይስ ሂወት ክእለት (Barclays Life Skills) ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ብዛዕባ ካብ ክንክን ምውፃእ ቃልኪዳን ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካብ ን ውልቃዊ ኣማኻሪ ኣዛርብ ወይ ብምዝንጋዕን ሽልማታት ኣቢልካ ስራሕን ትምህርትን ሓዊሱ ብዛዕባ ዘለው ዕድላት መዘኻኸሪ ንክበፅሓካ ኣብ መርበብ ባይታና ብምጉብናይ ዘመዝገብ፡፡ እዚ ዝስዕብ ጎብንይ፡ ካብ ክንክን ዝወፅእ ተኸናኻኒ ተመዝገብ (mycovenant.org.uk) [www.mycovenant.org.uk](http://www.mycovenant.org.uk)

# ተሳትፎ ምግባር

ኩሎም ናይ ክንክን ምኩር ዝኾነ መናእሰያት ንጡፋት ኣባላተት ማህበረሰብ ንክኾኑ ንደልይ፡፡ ከም ትካላዊ ወለዲ ማዕዳን ደገፍን ንምሃብ ድልዋት ኢና፡፡ ናይ ኣእምሮን ኣካላውን ጥዕና ናይ ምሕላው ኣገዳሲ ዝኾነ ክፋል ናይ ትርፊ ግዘ ምንቅስቓሳትን ድልየታት ምስትምቓር እዩ፡፡

ንጡፍ ኮይንካን ኣብ ከባብያዊ ኣገልግሎታት እትሳተፈሉ ገለገለ መንገድታት ዘካትቶ፡

**ናፃ ናይ መዘናግዒ ማእኸላት ኣባልነት**

ከም ክንክን ምኩር መናእሰይ መጠን ኣብ መላእ ዓባይ ብሪጣንያ ነፃ ኣባልነት ናብ (BETTER leisure centres) ዝሓሸ ናይ መዘናግዒ ማእኸላትክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣብ ክሮይደን. 12 ማእኸላት ኣለው እዮም፡፡ ሕድሕድ ማእኸል ዘካትቶ፡




- መሐመሲ
- ጂም
- መንቀሳቐሲ ክፍሊ

✓ ብመንገዲ ትልሚ መንገዲ ኣቢልና ኣብ ጥቓ እቲ እትነብረሉ ቦታ ኣብ ስፖርታዊ ንጥፈታት ወይ ካልእ ናይ ትርፊ ግዘ ንጥፈታት ክትሳተፍ ብኽመይ ክንድግፈካ ከም እንኽእል ስምምዕ ክንገብር ንኽእል ኢና፡፡ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ናይ ክለባት፡ ጉጅለታትን ንዓኻ ክምስጠካ ዝኽእል ምንቅስቓስ ዝምልከት ዝርዝር ክህልዎ እዩ፡፡

**ኣብ መረፃ ድምፂ ናይ ምሃብ መሰልካ፡፡**

ኩሎም ዲሞክራስያዊ ሀገራት ኣብ መረፃ መን ናይ ድምፂ ምሃብ መሰል ኣለዎ ዝብል ሕጊ ኣለዎን እዩ፡፡ እዚ መብዛሕትኡ ግዘ ኣብ ዜግነት፡ ዕድመን ነባራይነትን መሰረት ዝገበረ እዩ፡፡ ዕድመኻ 18 ምስ መልአእንተተሓቲትካን እቲ መለከዒ እንተድኣ ኣማሊእኻ ንኣብነት ዕድመኻ 18 ወይ ልዕሊኡ እንተኾይኑን British ወይ ናይ EU ወይ ኮመንወልዝ ሀገራት (Commonwealth country) ኣባል እንተድኣ ኮይንካ ክትምዝገብ ኣለካ፡፡ ናይ መረፃ መዝገብ (ገለገለ እዋን 'ምርጫ እጃም (electoral roll)') ኣብ ከባብያውን ሓፈሻውን ምርጫ ንምምራፅ ዝተመዝገቡ ሰባት ዝርዝር ስምን ኣድራሻ ይምዝግብ እዩ፡፡ ኣብ መረፃ ንምስታፍ ፎቶ ዘለዎም ከም ፓስፖርት ወይ ናይ መኪና ምግናሕ ሊቸንሳ የድልየካ እዩ፡፡

✓ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣብ ኤሌትሮኒካዊ መዝገብ ኣብ ምምዝጋብ ክሕግዘካ እዩ፡፡

**ኣብ ክንክን ዘለው ህፃናት ካውንስል (E.M.P.I.R.E)**

ናይ ምኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰይ ሂወት ንምምሕያሽ ንክኽእለና ዘለካ ሓሳባት ክንሰምዕ ንደሊ ኢና፡፡ E.M.P.I.R.E ብክሮይደን ክንክን ዝግበረሎም ኩሎም መነኣሰያት ዝሓቑፈ እዩ፡፡ ናይ E.MP.I.R.E ዕላማ ኣብ ክንክን ዝርከቡ ህፃናትን ሙኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ዓርሰ ምትእምማንን ናይ ፖሊሲ ለውጢ ንምምፃእ፡ ኣገልግሎት ምህናፅን ድምፆም ንክስማዕ ንምግባር እዩ፡፡ E.M.P.I.R.E መናእሰያት ኣብ ዝረኽብዎ ክንክን ዘለው ፀገማት ንከለልይን ንምምሕያሻት ሓሳባት ከቕርቡ ይገብሮም፡፡ እዚ ኩሉ ድማ ን ትካላዊ ወለዲ ፓነል (Corporate Parenting Panel) ኣብ Croydon Council ብናይ ህፃናትን መናእሰይን ካብኔት ኣባላት (Cabinet Member for Children and Young People) ዝቐርብ እዩ ፡፡

**ሌጋሲ ዩዝ ዞን (Legacy Youth Zone)**

ሌጋሲ ዩዝ ዞን ብሰሙን ን 7 መዓልቲ ክፉት እንትኸውን ልዕሊ 20 ዝኾኑ ትመሃርዎን ተመሓይሽዎም ምንቅስቓሳት፡፡ ንኩሎም ሓለዋ ዝግበረሎም ህፃናትን ምኩር ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ይኸፍል፡፡ ዕድምኦም ካብ 8-19 ዝኾኑ ህፃናት ክሳዕ 25 ዝበፅሑ ስንኩላት ሌጋሲ ኣባልነት፡፡ https://www.legacyyouthzone.org.




**ኢስተር ኣውትሪች (Esther Outreach) ጉጅለ**
ነቶም ሓገዝቲ ጉጅለን ክንክን ምኩራት ክንክን ኣባላት ዝኾኑ መናእሰያት ኣብ ምቹውን ዉሑስ ዝኾነ ከባቢ ናይ ደገፍ ጉጅለ ብምክያድ ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ክእለት ከመዕብሉ ብምግባርና ኩርዓት ይስመዐና። ኢስተር ኣውትሪች ካብ ክንክን ንዝወፁ መናእሰያት ተግባራዊ ዝኾነ ደገፍ፡ ማዕዳን ጥብቅናን ደው ዝበለ ወለንታዊ ትካል እዩ፡፡ እቶም ቀንዲሓገዛት ስራሕ ካብ ምርካብ ክሳዕ ምድላው መግቢ ዘካትት እዩ፡፡ እቶም ዝሓለፉ ሰራሕተኛታትናይ ገንዘብ ምሕደራ ፣ናይ መድሃኒት ግንዛበ፣ ምሕብሓብ፣ ምውዳድ ባጀትን ጥበባዊ ነገራትን ሰሪሖም እዮም።

ኣብ ሕድሕድ ወርሒ ሳልሳይ ሮቡዕ ኣብ Cherryhub, St James Road፡ (መእተዊ Sydenham Rd) Croydon, CR0 2BY ይካየድ፡፡ እቲ በር ሰዓት 6:30 ድ.ቀ ይኽፈት እቲ ዎርክሾፕ ድማ ሰዓት 7ድ.ቀ ይጅመር፤ ብተወሳኺ ድማ ምግቢ ተዳልዩ እዩ፡፡

- ✓ ን ኢስተር ኣውትሪች ብ 07847844269 ወይ 07925642945 ርኸብ ወይ ንምስታፍ ክሕግዘካ ዘኽእል ን ማህበራዊ ሰራሕተኛኻ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ርኸብ፡፡

**ናይ ፕሪንስ ትረስት (Princes Trust)**
ፕሪንስ ትረስት ን ምኩራት ክንክን ዝኾኑ ዕድምኦም ካብ 16-30 ዝኾኑ መናእሰያት ዝተፈላለዩ ዕድላት የቕርብ፡፡ 'ናብ ዓብይ ሰብነት ምስግጋር (Step Into Adulthood') መደብ ገንዘብን ክፍሊት ምሕደራ፡ መግቢ ምስራሕ፡ ምስ በዓል ሞያታት ምርኻብ፡ ሲቪ ምፅሓፍ፡ ኮማዊ ደገፍ ጉጅለን ስልጠናን ስራሕ ዕድላት ደገፍ ይህብ፡፡ ኣገልግሎት ንምርካብ ክሕግዘካ ንዝኽእል ውልቃዊ ኣማኻሪ ኣዘራርብ ወይ ብ LondonGetStarted@princes-trust.org.uk ወይ ናብ 0800 842 842 ብምድዋል ተወሳኺ መረዳእታ ርኸብ፡፡

- ✓ ምስ EMPIRE፡ ሌጋሲ መናእሰይ ዞን፡ ኢስተር ደገፍ (Esther support)፡ ፕሪንሰስ ትረስት ወይ ካልእ ዝኾነ ክትሳተፈሎም ትደልዮም ከባብያዊ ጉጅለ ንክትሳተፍ ክንሕግዘካ ምኽእል ኢና፡፡

# ገንዘባዊ ጉዳያት፡ ኦፊሰላዊ ሰነዳትን ዕለት ልደት

ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ገንዘብ ኣብ ምምሕዳርን ዝግበኣካ ጥቕማጥቕሚ ኣብ ምርዳእ ደገፍ ይገብረልካ፡፡ ብተወሳኺ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ፀገም ኣብ ዘጋጥመካ እዋን ወይ ነገራት ብመሰረት ትልምኻ እንተዘይከይዶም ዝኾነ ዝሕግዘካ ሰብ ንክህልው ክንገብር ኢና፡፡ ዕድመኻ 18 ምስ ኮነ እውን ፋይናንሳዊ ደገፍ ምርካብ እንተቐፀልካኳ፡ ካብ ስራሕ፡ ትምህርቲ ግራንትን ብቑዕ እንተኾይንካ ጥቕሚ ክትረክብ ትፅቢት ይግበረልካ፡፡

**ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ዝገብረልካ፡**

✓ ናይ ባንኪ ሒሳብ ኣብ ምኽፋትን ኣብ ልቓሕ ውሽጢ ንከይትኣትው ገንዘብካ ብኸመይ ከም ተመሓድሮ ሓገዝ ምግባር፡፡

✓ ከም ፓስፖርት፡ ዕለት ልደትን ግዝያዊ መኪና መግንሒ ሊቸንሳ ዝኣመሰሉ መለለይ መንነት ሰነድ (ብዛዕባኻ ኣገዳሲ ዝኾነ መረዳእታ ዝገልፅ ወረቐት) ኣብ ምርካብ ይሕግዘካ፡፡

✓ ናይ ሀገራዊ መድሕን (National Insurance) (NI) ቁፅሪ ኣብ ምርካብ ሓገዝ ይግበረልካ፡፡ እዚ ቁፅሪ ዓብይ ሰብ ክትኸውን ከለኻ ዝወሃበካ ቁፅሪ እንትኸውን እዚ ድማ ብዛዕባ ጥቕምታት፡ ግብርን ጡረታ ዝኣመሰሉ መረዳእታታት ዝቕመጠሉ እዩ፡፡ እዚ ንቀፃሊ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ የደልየካ እዩ፡፡ ሰራሕተኛ ደብዳበ ክፅሕፈልካ ወይ ካብቲ ክንክን ቅድሚ ምውፃእኻ ቅጥዒ ኣብ ምምላእ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡

✓ ናይ ስራሕን ጡረታን ክፍሊ (Department of Work and Pensions) ንክትረክብ ደገፍ ይገብር፡፡

✓ ዕድመኻ 18 ክመልእ ከሎ ንጥቕማጥቕሚ ፈላማይ ሕቶ ክተቕርብ ከለኻ ሓገዝ ይግበረልካን፤ ናይ ጥቕሚ ሕቶኻ ኣብ መስርሕ ክኣትው ከሎ ኣብ ውልቃዊ ኣበልካ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ደገፍ ይገብረልካ፡፡ ዕድመኻ 18 ቅድሚ ምምልኡ ሓደ ወርሒ ኣቐዲምካ ጥቕምታት ክትሓትት ትኽእልን እዚ ንክትገብር ደገፍ ይግበረልካ፡፡

✓ ጥቕምታትካ ክትሓትት እንተዘይክኢልካ ደገፍ ይገበረልካን እቶም ጥቕምታትካ ክሳዕ ድልዋት ክሳዕ ዝኾኑ ብመሰረት መንገዲ ትልምኻ ንነዊሕ እዋን ደገፍ ምግባር፡፡

✓ ብናይ መንበሪ ገዛ መዳለይ ኣበል ኣቢልካ መንበሪ ገዛ ኣብ እተዳልወሉ እዋን ከም መሕፀቢ ክዳንን ፍሪጅ ዝኣመሰሉ ፃዕዳ ኣቕሑታትን መገልገልቲ ገዛ ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ምግዛእ ደገፍ ይገብረልካ፡፡

✓ ን HC2 ወይ HC3 ንክተመልክት ይሕግዘካ፤ እዚ ድማ ናይ ዓይኒ፡ ስኒን ዝተኣዘዘ መድሓኒት ወፃኢ ብክፋል ወይ ሙሉእ ቡሙሉእ ዝሽን ናይ ምሕረት ሰርትፍኬት እዩ፡፡ ብቑዕ እንተዘይኮይንካ ንቲ ዝተኣዘዘ መድሓኒት ወፃኢ ንምሽፋን ናይ መናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ደገፍ ከቕርብ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ወፃኢ ኣብ ምሕታት ክሕግዘካ ምስ ዝኽእል ውልቃዊ ኣማኻሪ ተዘራረብ፡፡

**ካውንስል ግብሪ (council tax) ክፍሊት ምሕጋዝ**

ካውንስል ግብሪ ከም ናይቲ ከተማ ጎሓፍ ንምፅራይ፡ ኣገልግሎት ንምክያድን ከባብያዊ ፓርክታት ንምምሕዳር ዝኣመሰሉ ከባብያዊ ኣገልግሎታት ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡፡

- ✓ Croydon Council ኣብ ካውንስል ግብሪ ክፍሊት ምኩር ክንክን ዝነበሩ መናእሰያት ዕድምኦም ክሳዕ 25 ዝመልእን ኣብ ክሮይደን ዝነብሩ እንተድኣ ኮይኖም ንከይኸፍሉ ምሕረት ይገብር፡፡
- ✓ ምኩር ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ካብ ክሮይደን ወፃኢ ዝነብሩ እንተድኣ ኮይኖም ናይ ካውንስል ግብሪ ምስራዝ ወይ ደገፍ ንክግበረሎም ሓገዝ ይግበር፡፡ ምኩር ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ካብ ክሮይደን ወፃኢ ዝነብሩ እንተድኣ ኮይኖም ካውንስል ግብሪ፡ክፍሊት ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ናይ ምኽፋል ሓላፍነት ዘለዎም እንትኸውን ናይ ክሮይደን መናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ኣብ ክንደኻ ዝኸፍል ይኸውን፡፡

**ዕለት ልደትካ ምዝካር**

ዕለት ልደት ኣገደስቲ ከይድታት እዮም፡፡ ብንጥፈት ኣብ ክሮይደን መናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ትሳተፍ እንተድኣ ኮይንካ ንዚ ዝስዕብ መጠን ዝኸውን ውህብቶ ወይ መጠን ትረክብ፡


- ✓ ኣብ 18ን 21 ዓመትካ £100 ከምኡ ድማ ኣብ 19 ን 20 ልደትካ £50፡፡
- ✓ ኣብቲ ፍሉይ 18 ን 21 ዓመትካ ንዓኻን ን ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ክሳዕ £50 ዝበፅሕ መግቢ ብምብላዕ ይበዓል፡፡

እዚ ዝስዕብ ዝርዝር ሳንዱቕ ቅድሚ ሕጂ ተዛማዲ ዝኾነ ኩነታት ንዘለዎም ምኩራት ክንክን መናእሰያት ዝግብኦም ፋይናንሳዊ መሰል የቕምጥ፡

| ኣበል | መጠን | ብቑዕነት |
| --- | --- | --- |
| መነባብሮ ወፃኢ (ኣበል ክቕፅል ምግባር) | ብሰሙን ክሳዕ £67.20 (ካብ ሚያዝያ 2023) +ናይ ህፃናት ጥቕማጥቕሚ እንተዘይረኺቡ ምስኡ ዝመዓራረይ፡ (ብሰሙን ንነይ ቆልዓ £21፣ ንካልኦት ቆልዑ ብሰመን £14) | ንስራሕ፡ ትምህርትን ስልጠናን ኲነታት ስደተኛ ይከፋፈል፡፡ ኣብ መንገዲ ትልሚ (Pathway Planning) ክሳተፍ ኣለዎ፡፡ ንፈላማይ ናይ ጥቕሚ ሕ ኣብ ትፅበየሉ እዋን ይኽፈል፡፡ |
| መንበሪ | ዕድመኻ 18 ክሳዕ ዝመልእ እቲ ወፃኢ ሙሉእ በሙሉእ ይማላእ፡፡<br><br>እቲ ከባብያዊ መንበሪ ገዛ ኣበል መጠን መሰረት ብምግባር ክራይ ገዛ ኣቐዲሙ ይኣትው፡፡<br><br>ንዩንቨርስቲ መንበሪ ናይ ክራይ ግራንተር | ክሮይደን ክንክን ክኸውን ኣለዎ<br>ተሞክሮ ዘለዎ 18-25 ዝኾነ መንእሰይ፡፡ |
| ካውንስል ግብሪ | ሙሉእ ወፃኢ ተማሊኡ - ድሕሪ ዝኾነ ከባብያዊ ንከያ ዝኸፈል ሒሳብ፡፡ | ክሮይደን ክንክን ክኸውን ኣለዎ<br>18-25 ተሞክሮ ዘለዎ ዓብይ ሰብ፡፡ |
| ናይ ስራሕ ግራንት ምጅማር፡፡ | £150 | ሓደ ክዳን ንቃለ መሕተት፡ መከላኸሊ ክዳን፡፡ |
| ናይ ዝተወለደሉ መዓልቲ ኣበል | ዕድመኻ 17፡ 18 ከምኡ ድማ 21 ክኸውን ከሎ £100<br><br>ዕድመኻ 19ን 20 ክኸውን ከሎ £50 | ኣብዞም ዝስዕቡ ብንጥፈት እንተድኣ ተሳቲፉ ይኸፈል ክሮይደን መንእሰይ 16+ ኣገልግሎት |
| ጥዕና | ንሕክምና ዓይኒ/መነፀር፡ ሕክምና ስኒ/ክንክን ስኒ ብዓመት ክሳዕ £300 ኣበርክቶ፡፡<br><br>ምርመራ ጥንሲ<br><br>ጥንሲ መጀመሪ መሳርሒ - ክሳዕ £500 | ንፅሑፍ ኮታ ይግዛእ፡፡<br><br>ምስ ሓፈሻዊ ሓኪም ቆፀሮ የድልይ፡፡<br><br>ወለንታዊ ሴክተር ደገፍ ምስቀረበ፡፡ |
| ሰነዳት ምልላይ<br>(ፓስፖርት/ሀገራዊ መድሕን ካርድ/ ናይ ልደት ሰርትፍኬት) | ክሳዕ £110 | ክሮይደን መናእሰያት 16+ ኣd ገልግሎት ናይ 1ይ መመልከትን ዕድመኻ 21 ክሳዕ ዝመልእ 1 ግዘ ምሕዳስ ወፃኢ ይሽፍን፡፡ |
| ናይ መኪና ምግናሕ ሊቸንሳን ትምህርቲ | 1 ግዝያዊ ሊቸንሳ ዝምወል 10 x 1 ብሰዓት ትምህርቲ፡ 1 ናይ ቲኦሪ ፈተና፣ 1 ተግባራዊ ፈተና፣ | ቅድሚ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ እቲ ሓፈሻዊ 20 ሰዓት ናይ መኪና ምግናሕ ትምህርቲ ንክትመሃር ምምዝጋቡ ኣበርክቶ (ናይ 10 (1 ሰዓት) ክፍለግዘ ወፃኢ) ክተቕርብ ኣለካ፡፡ |
| ናይ መጎዓዝያን ናይ ስድራ ግዘ ወፃኢ | ንትምህርታዊ ጉዕዞ ብሰሙን £25<br><br>ካብን ናብን ዩንቨርስቲ ንምጉዓዝ ብዓመት 3 ግዘ፡፡<br><br>ምስ ስድራ፡ ቅድሚ ሕጂ ዝናበየካ ወዘተ ብሓባር ንምሕላው ንምጉዓዝ | ተሳትፎ ልዕሊ 85%<br><br>ሕድሕድ ኲነታት ክግምገም ኣለዎ፡፡ |

| ኣበል | መጠን | ብቑዕነት |
| --- | --- | --- |
| ናይ መንበሪ ገዛ ምድላው ኣበል | ካብ ሚያዝያ 5 2023 ንደሓር 18 ንዝመልኡ ምኩራት ክንክን መናእሰያት ንምሕዳስን መሳርሒታት £3000 ይኽፍል:: ቅድሚ ሚያዝያ 2023 18 ንዝመልኡ ምኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ቅድሚ ሕጂ £2,000 ይኽፈል:: | ክሳዕ 25<br><br>ብጥረ ገንዘብ ኣይወሃብን:: |
| ዋይፋይ | ንዋይፋይ ብዓመት ክሳዕ £300 | ናይ ክሮይደን ምኩር ክንክን (Croydon Care Experienced) 18-25 ክኸውን ይግባእ:: |
| ናይ ቅልውላው ክፍሊት | ካብቶ ክፍሊታት እቲ ሓደ ናይ መግቢ/መሞቒ ክፍሊታት:: ክሳዕ £50 | ብቲ ጉጅለ ናይ ድልየት ገምጋም ኣመሓዳሪ |

# ናብ ገዛ ወይ ሓበራዊ መንበሪ ምኻድ



ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛን ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ንዓኻ ይጉብንየካን ኣብ መንገዲ ትልምኻ እትነብረሉ ከባቢ ስምምዕነት ይግበረሉ::

ከም ሓደ ኣካል መንገዲ ትልሚ ብምኳኑ ዕድመኻ 16 ምስ መልአ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ዕድመኻ 18 ምስ መልአ ብዛዕባ ዝህልወካ ናይ መንበሪ ገዛ መማረፂ ክትሳተፍ ክገብካ እዩ:: 18+ መንበሪ ገዛ ስምምዕ ክሳዕ ዝህልወና ናይ መንበሪ ገዛ መማረፂ ገምጋም ክህልው እዩ::

ናይ መንበሪ ገዛ ድልየትካ ኣብ ምግምጋም ምስ ክሮይደን ብምስራሕ ንዓኻ ክሕግዘካ ዝኽእል ኣዝዩ ዝሓሸ ዓይነት መንበሪ ክነለሊ ኢና::

ምስ ናበይትኻ ምፅናሕ 'ምፅባይ (Staying Put)', ተባሂሉ ዝፅዋዕ እንተኸውን ዕድመኻ 21 ክሳዕ ዝኸውን ወይ ኣብ ትምህርቲ እንተኾይንካ ልዕሊኡ ኣብ ናብዮት ትፀንሕ:: እዚ ናይ ነዊሕ እዋን ዕላማ ወይ ትልምኻ ኣይፀልዎን::

ዓርስኻ ክኢልካ ኣብ ምንባር ክትጥዕገም ኢኻ ዝብል ስግኣት እንተድኣ ኣሎ እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ውልቃዊ ናይ ደገፍ ፓኬሃት ይቐርበልካ፡

- ✓ ዕድመኻ 18 ድሕሪ ምምልኡ ብዝበለፀ መንገዲ ዓርስኻ ንክትኽእል ንምግባር ኣብ ደገፍ ክትፀንሕ ምግባር::
- ✓ ኣውትሪቻ ደገፍ ፓኬጅ፡ ኣብ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ስራሕን ዓርስኻ ምክንኻን ክእለት ትኹረት ምግባር::
- ✓ ካብ CAYSH (ክሮይደን ናይ ዘይተመርዓው ገዛ ስእነት ዘለዎም መናእሰያት (Croydon Association for Young Single Homeless)) ድማ ንመናእሰያት ዝቐርብ ደገፍ እንተኸውን እቶም ምስ መናእሰያት ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ናይ ደገፍ ኣገልግሎት ንምቕራብ ውፉይ ዝኾኑን ምስ መናእሰያት ብሓባር ብምኳን ዕላማታት ብምቕማጥን ብምቕፃል ናብ ተግባራዊ ኣካይዳ ንምስግጋር ናይ ደገፍ ትልሚ የቕምጡ:: www.caysh.org/about-us
- ✓ መልከዒ ንዘማልኡ መናእሰያት፡ እቲ ግቡእ ዝኾነ ናይ ዓበይቲ መንበርን ደገፍ ኣገልግሎት ንክረኽቡ ምስ ናይ ዓበይቲ ሰባት ኣገልግሎትን ካልኦት ኣብቲ ካውንስል ዘለው ክፍልታት ምዝርራብ::
- ✓ መናእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ክፀንሑ እንተድኣ ደልዮም፣ ምስ ካልኦት ክፍልታት ኣባይቲ ምምሕዳር ከባቢ ብምትሕብባር ኣብቲ ከባቢ ንማሕበራዊ ኣባይቲ ንምምልካት መሰል ንክህልወኩም ኣብ ክንደኹም ክንጣበቕ ኢና::

ገለገለ ን ምኩራት ክንክን መናእሰያት ክሮይደን ዝቐርቡ ዓይነታት መንበርታት ዘካትትዎ፡

| | መግለፂ | ዝርዝር |
|---|---|---|
| ናበይቲ፡ | ናበይቲ ኣብ ናይ ባዕሎም መንበሪ ገዛ ክሳዕ ሰለስተ ንዝኾኑ ህፃናት/መናእሰያት ክንክን ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብክሮይደን ወይ ዘይሻራዊ ናባይ ኤጀንሲ ይኽፈሎምን ደገፍ ይግበረሎም፡፡ | መብዛሕትኦም ኣብ ምኩር ክንክን ዝኣተውን ኣብ ክሮይደን ዝነብሩ መናእሰያት ምስ ናበይቲ ነቢሮም እዮም፡፡ ምስ ናባይኻ ክትፀንሕ ትኽእል ዕድመኻ 18 ክሳዕ ዝመልእ ብምኳኑ ምኽንያት ድሕ እዚ ዕድመ እዚ ምስ ናባይኻ ክትፀንሕ እትኽእል ብ ምፅባይ ኣቢልካ እዩ፡፡ |
| ምፅባይ | ዕድምኦም 18 ድሕሪ ምምልኡ ምስኦም ምንባር ንኽቕፅሉ ዝገብሩ መሐብሓቢ ህፃናት እዮም፡፡ | ናይ ምፅባይ መስርሕ ዝምወል ንቶም ክትፀንሕ ዝከናኸኑኻ ሰባት ናይ መንበሪ ገዛ ክፍሊት ብምኽፋል እዩ፡፡ |
| ናይ ሓባር ሂወት(Shared Lives) | መናእሰያት ተወሳኺ ድልየት እንተድኣ ኣለዎም ናይ ሓባር ሂወት ክንክን ደገፍ ይገበር፡፡ | ናይ ሓባር ሂወት ዕድምኦም ካብ 16 ንላዕሊ ንዘለው ሰባት ደገፍ የቕርብ፡፡ ሓደ መንእሰይ ናይ ብዙሓት መናእሰያት ደገፍ እንተድኣ ደልዩ ናይ ሓባር ሂወት ደገፍ እንዳተገበረልካ ዓርስኻ ምኽኣል ፅቡቕ መንገዲ እዩ፡፡ |
| ደገፍ ዝግበረሎም መንበሪ ኣባይቲ | እዚ ድማ ምስ ዘይተመርዓወ፡ በዓልሓዳርን/ወይ ምስ መናእሰይ ወይ ህፃናት ብሓባር ክትነብር ከለኻ እዩ፡፡ | እዚ ድማ ዓርስኻ ንምኽኣል ደገፍ ዘቕርብ እንትኸውን ፋይናንሳዊ ኣበርክቶ ክትገብር ትፅቢት ይግበር እንተኾነ ግና ካብቲ ምሳኻ ዝነብር ዘሎ ሰብ ትረኽቦ ደገፍ ቀፃላይ ይኸውን፡፡ |
| ዝተሓገዘ ሓበራዊ መንበሪ | ዕለታዊ ናብራኻ ኣብ ምምራሕ ተወሰኺ ደገፍ ከቕርብ ዝኽእል ፍላት፡ ሓበራዊ ገዛ ወይ ናይ ውልቀ ገዛ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ | ብዛዕባ ዘለው ተወሰኽቲ ደገፋትን እዚኦም ብኸመይ ናብ ድልየትካ ከም እተዋህዶም ብዝምልክከት ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ወይ ማህበራዊ ሰራሕተኛ ምሳኻ ክዝትዩ እዮም፡፡ እዞም መስርሓት ትሑት ዝኾነ ቀጥታዊ ክንክን ብምቕናስ ዓርስኻ ንምኽኣል ፍርቂ መንገዲ ይኾኑ፡፡ |
| ብውልቀ ምክራይ | እዚ ናሃትካ ሓላፍነት ዝኸውን ዓብይ ገዛ፡ ፍላት ወይ ስቱድዮ ወይ ብውልቀ ዝውነን ገዛ ብሓባር ምንባር ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ | ንዓኻ እቲ ዝሓሸ ኣማራፂ ብውልቀ ዝካረዩ ገዛታት እንተኾይኖም ናይ ውልቀ ኣማኻሪኻ ምስ ናይ ጉጅለ መንበሪ ገዛ ክዛተይ እዩ፡፡ |
| ሶሻል ሃውዚንግ | ዓርስኻ ክኢልካ ምንባር፡ እዚ ድማ ናሃትካ ሓላፍነት ዝኸውን ዓብይ ገዛ፡ ፍላት ወይ ስቱድዮ ወይ ብውልቀ ዝውነን ገዛ ብሓባር ምንባር ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ | ንዓኻ እቲ ዝሓሸ ኣማራፂ ብማሕበራዊ መንበሪ ገዛ ዝካረዩ ገዛታት እንተኾይኖም ናይ ውልቀ ኣማኻሪኻ ምስ ናይ ጉጅለ መንበሪ ገዛ ክዛተይ እዩ፡፡ |

| | መግለጺ | ዝርዝር |
|---|---|---|
| መንበሪ ገዛ ፕሮጀክት (House Project) | መንበሪ ገዛ ፕሮጀክት እንታይ እዩ<br><br>መንበሪ ገዛ ፕሮጀክት ካብ ክንክን ዝወፁ መናእሰያት ገዝኦም ዝኾን ንብረት ንክህልዎምን ናይ ነፂሕ እዋን ደገፍ ኮም ንክሃንፁ ንምግባር ምስ መናኣሰይ ብምትሕብባር ዝሰርሕ እዩ:: | ናይ ውልቃዊ ኣመኻሪ ንስኻ እትደልዮ ነገር እንተድኣ ኮይኑ ንምልላይ ብዛዕባ እዚ መደብ ምሳኻ ክዛተይ እዩ:: |

# ትምህርቲ፡ ስራሕን ስልጠና

ስራሕ ኣብ እትእልሽሉ እዋን እቲ ዘድልየካ ብቕዓት ምርካብ ኣገዳሲ እዩ:: እንተኾነ ግና ኮሌጅን ዩንቨርስቲን ፕራሕ ኣይኮኑን ኣማራፅታት:: ተግባራዊ ዝኾነ ስራሕን ኣታውን ንምርካብ ልምምድ ስራሕን ስልጠናታት ምስታፍ ፅቡቕ መንገዲ ክኸውን ይኽእል እዩ:: ናይ ስራሕ ክእለት ኣብ ምህናፅን ኣስራሒ ዝደልዮ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ስራሕ ተሞክሮ ንምርካብ እቲ ካልእ ብሉፅ መንገዲ ብወለንታውንት ምስራሕ እዩ::

- ✓ ትምህርቲ፡ ስልጠና ድልየትካ ክንሕግዘካ ኢና ከምኡ ድማ ኣብ መንገዲ ትልሚ ዝርዝር ክነቐምጥ ኢና:: እዞም ምኽሪ ሓሳባት ኣብ ውልቃዊ ናይ ትምህርቲ ትልሚ (personal education plan ) (PEP) ዘለው መረዳእታታት ዝተሃነፁ እዮም::
- ✓ ገለገለ መናእሰያት ብቕልጡፍ ስሩዕ ዝኾነ ትምህርትን ስልጠናን ብቕልጡፍ ከይረኽቡ ይኽእሉ እዮም እንተኾነ ግና ከም ኢንግሊዝኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ (English as A Second Language) (ESOL) ትምህርቲ ብምምሃር ወይ ብወለንታ ምእታው ኣብ ዝኣመሰሉ ዕድላት ክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም::

**ክሮይደን ዎርክስ (Croydon Works)**

- ✓ ክሮይሰን ዎርክስ ናይ ክሮይደን ስራሕን ስልጠና ሕምብርቲ እዩ:: ምስ ስራሕ ማእኸል ፕላስ (Job Centre Plus)፡ ክሮይደን ኮሌጅን Croydon Council (Croydon College and Croydon Council) ብሓባር ብምኳን ነፃ ናይ ምምራፅ ኣገልግሎት የቕርብ:: https://croydonworks.co.uk

- ✓ **ምኩር ክንክን ትምህርቲ፡ ስራሕን ስልጠናታት ኩሉ ግዘ ሮቡዕ**
- ✓ ኩሉ ግዘ ሮቡዕ ኣብ ማእኸል ተርን ኣራውንድ (Turnround Centre) ካብ 2 ክሳዕ 4 ፒኤም ካብ ክሮይደን ምኩር ክንክን ትምህርቲ፡ ስራሕን ስልጠና ጉጅለ ኣማኻርቲ ዝርከብሉ ይኸውን::

- ✓ **Croydon Council ልምምድ ስራሕ (Croydon Council Apprenticeship)**
- ✓ ክሮይደን ብተወሳኺ ምኩራት ክንክን ንዝኾኑ መናእሰያት ኣብቲ ካውንስልን ምስ ካልኦት ትካላት ናይ ስራሕ ልምምድ ንምርካብ ኣብ ምሕጋዝ እውን ድልው እዩ:: ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ድልየትካ ኣብ ምምዝጋብ ደገፍ ክገብር ይኽእል እዩ www.croydonworks.co.uk/opportunities/4294/croydon-council-apprenticeship-academy

# ተምሃሮ ዩንቨርስቲ

ኣብ ትምህርቲ ደገፍ ክንገብረልካን፡ ዩንቨርስቲ ንምምሃር እንተድኣ ወሲንካ፡ እንተድኣ ደሊኻ እዞም ዝስዕቡ ሓዊሱ ደገፍ ክግበረልካ እዩ፡



- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ናብቲ ዩንቨርስቲ መንበሪ ኣብ ምእታው ደገፍ ክገብረልካ እዩ።
- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ናብ ዩንቨርስቲ ክትኣትው ከለኻ ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ኣብ ምግዛእን ናብ ፈላማይ መግቢ ዕድጊት ደገፍ ክገብረልካ እዩ።
- ✓ ኣብቲ ዩንቨርስቲ ምስ ምኩር ክንክን ናይ ደገፍ ኣገልግሎት የራኽብ።
- ✓ ንስንኩላት ተምሃሮ ኣበል ንክረኽቡ ኣብ ምምልካት ደገፍ ምግባር።
- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣብቲ ዩንቨርስቲ ይጉብንየካ ን ኣብቲ ትምህርቲ ንዝትፀንሐሉ ሙሉእ ግዘ ዝተፈላለዩ ደገፍ የቕርብ እዩ።
- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ንዝረኽብካዮ ዓወት ንምፅንባል ኣብ ስነ ስርዓት ምርቓኻ ክሳተፍ እዩ።

ክሳዕ ሰለስተ ዓመት ዝኸውን ፋይናንሳዊ ደገፍ ፖኬጅ-ክትረክብ ኢኻ። እቲ ክትረኽቦ እትኽእሎ ፋይናንሳዊ ደገፍ ዘካትቶ፡

- ✓ እቲ ሓደ-ናይ ኮምፒተር ግራንት (Computer Grant) ዘካትቶ ኖት ፓድ-ወይ ላፕቶፕ ወይ ዘዝወሃብ-ናይ ኣድላይነት ገምጋም መሰረት ብምግባር እንትኸውን እዚ እንተዘይኮይኑ እቲ ቅድሚ ሕጂ ዝረኸብካዮ – ክሳዕ £300.00።
- ✓ ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ልቓሕ፡ ትምህርታዊ ክትትል ከምኡ ድማ መፅሓፍ ን መሳርሕታት ግራንት (Stationery Grant, Educational Visits and Books and Equipment Grant) ክሳዕ ክሳዕ £225.00 እቲ ግራንት ድማ ብመሰረት ኣካዳምያዊ ዓመት (ሕድሕድ ዓመት ይግምገም) እዩ።
- ✓ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ በርሰሪ (Higher Education Bursary) ናይ £2,000.00 እዚ ድማ ዝቐርብ ልዕሊ እቲ ግዘ ናይ ክልተ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ዓመት ትምህርቲ እዩ። መሰረት ዝገብር ኣብ ንውሓት እቲ ትምህርቲ እንትኸውን £2,000.00 ብሕድሕድ ትምህርቲ ዝኸውን ብ ክሳዕ £1,000.00 ብሕድሕድ ዓመት (2 ዓመት ትምህርቲ) £666.67 ብሕድሕድ ዓመት (3 ዓመት ትምህርቲ) £500.00 ብሕድሕድ ዓመት (4 ዓመት ትምህርቲ)
- ✓ ናይ ዕረፍቲ ኣካሞዴሽን ኣበል ክሳዕ 22 ሰሙናት ክሳዕ LHA – (ለንደን መንበሪ ገዛ ኣበል ((London Housing Allowance)) ሓደ መደቀሲዓርስኻ ዝምጥነካ መጠንን/ወይ ብደረጃ ናይቲ ዩንቨርስቲ ኣካሞዴሽን (ኣብ LHA ዕረፍተ)። -
- ✓ ኩሉ ናብ ዩንቨርስቲ ዝኸይድ ሰብ ውልቃዊ ድሌታት ከም ዝህልዎን ብዝተኽኣለ መጠን ምስ ብዝተኽኣለ መጠን ምስ መዕበዩኻ ኣብኡ ናይ ምፅናሕ ምድላው ክግበር እንተኽኢሉን ከሮይደን መናእሰያት 16+ እዚ ምድላው ክግበር ይኽእል ድዩኣይክእልን ክድህስሱን ኣብ ድሌታትካ ተመርኪሶም ውልቃዊ ምድላዋት ክገብሩን እዮም።
- ✓ ናይ መጎዓዝያ ግራንት (Travel Grant) ካብን ናብን ዩንቨርስቲ ክትኸድን ክትምለስን ንከኽእለካ (ኣብ ሕድሕድ ትምህርቲ ዘመን ሰለስተ ግዘ ጉዕዞ የካይድ)። እቲ ጉዕዞ ግራንት ብዝለዓለ መጠን ዝኸፍል ኣቐዲሙ ዝተትሓዘ ቆፀሮን-ቅድሚ እቲ ጉዕዞ እንተነኣሰ ሓደ ወርሒ ቅድሚ ጉዕዞ ዝተትሓዘ ክኸውን ኣለዎ። -
- ✓ ካብ ዩንቨርስቲ ክትወፅእ (Graduation Grant) ከለኻ ናይ ምርቓት ፅምብል ወፃእን ጋውን ወዘተ ከምኡ ድማ ክትወፅእ ከለኻ ወፃኢታት ንምሽፋን ክሳዕ £1000.00 ግራንት ዝኽፈለካ ይኸውን።

ክንክን ምኩራት መናእሰያት ናብ ላዕለዋይ ትምህርቲ ትምህርትታ ንምምሃር ዘመልክቱን ኩሉ ናይ ዩንቨርሳል ተምሃሮ ፈንዲንግ ከመልክት ኣለዎ ማለት እውን ልቓሕ ምዕቃብን፡ ቲውሽን ክፍሊት ልቓሕ ከምኡ ድማ ውልቃዊ ትካል በርሰሪ እዩ። እዞም ልቓሓትን ግራንትታት H.E. በርሰሪ (H.E. Bursary) ብተምሃሮ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዘለዎ እንትኸውን ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ-ካብቲ ኮርስ ትምህርቲ ስለዝኾነ እዩ። እዚ ናይ ላዕለዋይ ትምህርቲ መንበሪ፡ ናይ መነባብሮ ወፃእን መጎዓዝያ ወዘተ ፈንድ ይገብር።

# መጎዓዝያ ወፃኢ

ሙሉእ መዓልቲ ኣብ ለንደን ትመሃር ወይ ትስልጥን እንተድኣ ኮይንካ ን 18+ ተምሃሮ ኦይስተር (Oyster) ፎቶ ካርድ ናይ ምርካብ መሰል ዘለካ እንትኾውን እዚ ድማ ካብቲ ጉዕዞ 30% ይንከየልካ፡፡

- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኺ ኣብ ምምልካት ክሕግዘኪ ወይ እዚ መርበብ ባይታ ብምጥቃም ክተመልከት ትኽእል፡ www.tfl.gov.uk/fares-and-payments/ adult-discounts-and concessions/18-student

ናይ London መጎዓዝ ዝገለፆ ካብ ክንን ዝወፁን ዕድምኦም ካብ 18 ክሳዕ 25 ዝኾኑን ኣብ London ዝነብሩ እንተኾይኖም ኣብ መጀመርታ 2024 ብፍርቂ ዋጋ ኣውቶቡስን ትራም ንምጉዓዝ ክምዝገቡ ይኽእሉ እዮም፡፡

- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ እዚ መደብ ድልው ክኸውን ከሎ ንክተመልክት ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡



# ጥዕናን ድሕንነት

ጥዕና ምሕላው ማለት ልክዕ ከም ኣካላዊ ጥዕና ኣእምሯዊ ጥዕና ምሕላው ማለት እዩ፡፡ ስሩዕ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ዝተመጣጠነ መግቢ ምብላዕን ፅርየት ኣስናንካ ምሕላው ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዝኾነ ዝሽበደካ ወይ ዘሕዘና ነገር እንተድኣ ኣሎ እቲ ትኽክለኛ ደገፍ ኣብ ምልላይ ንክሕግዘካ ምስ ካልኦት ምዝርራብ ማዕረ ኣገዳስነት ኣለዎ፡፡ ብስፖርት፡ ሙዚቃ፡ መፅናዕትን ኣቢልካ ናይ ማህበራዊ ጉጅለ ኣካል ምዃን ንስምዒታዊ ድሕንነትካ ክሕግዝ ይኽእል እዩ፡፡ ናይ መንገዲ ትልሚ ዘድልየካ ዝኾነ ዓይነት ናይ ጥዕና ድልየት ዝርዝር የካትት፡ ኣስተብህል ኣብ ጥዕናኻ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ እንተድኣ ኣሎ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ሓብር፡፡

ክትረኽቦም እትኽእሎም ብዙሓት ኣገልግሎታትን ደገፋት ኣለውን ከምኡ ድማ ድሕንነትካ ንምሕላው ዝከኣለና ኩሉ ክንገብር ኢና፡፡ ጥዕናኻ ንክትሕልው ንሕግዘካን ነተባብዐካ ኢና፡

- ✓ ዝኾነ ነገር እንተድኣ ፀጊምካ ንክትዛረብ ነተባብዐካ፡ እዚ ድማ እቲ ዘድልየካ ደገፍ ንክትረክብ የኽእለካ፡፡
- ✓ ዕድመኻ 18 ቅድሚ ምምልኡ ናይ ጥዕና ፓስፖርት ምሃብ፡፡ እዚ ናይ ኩሎም ጥዕና መረዳእታታት መጠቓለሊ እዩ፡፡
- ✓ ኣብ መጥባሕቲ፡ ሕክምና ስንን ሕክምና ዓይኒ ንክትምዝገብ ምሕጋዝ፡፡
- ✓ ዉሑስ ዝኾነ ጾታዊ ርክብ ምግባር እስካብ ዝተመጣጠነ ምግቢ ምብላዕ ሓዊሱ ።
- ✓ ናይ ክሮይደን ትካላት ናይ መዘናግዕን ኣካላዊ ብቕዓት መእተውታት ን ምኩር ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ብ ውልቃዊ ኣማኻሪ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኣቢሉ ይቐርብ፡፡

**ኣእምሯውን ስምዒታዊ ጥዕና**

ናይ ኣእምሯዊ ጥዕናን ድሕንነት ንምምሕያሽ ደገፍ ምሕታት ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ፡ ግና ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ዝኾነ ነገር ንምሕላው ትፀገም እንተድኣ ኣለኻ ነገራት ዓርስኻ ንምፍታሕ ኣይትፈትን፤ ኩሉ ግዘ ደገፍ ንምርካብ ምሕታት ፀገም የብሉን፡፡

- ✓ ንዓኻ ንምሕጋዝ ቁሩባት ኢና፡፡
- ✓ ካብቲ 24 ሰዓት ዝሰርሕ ሳውዝ ለንደንን ማዱስሊ ናይ ኣእምቶ ጥዕና ትረስት (South London and Maudsley (SLaM) Mental Health Trust) ብ 0800 731 2864 ኣቢልና ደገፍ ክትረክብ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና፡፡
- ✓ ዕድምኦም ካብ 14-35 ዝኾኑን ስነኣእምሯዊ ሻቕሎት ንዘጋጠሞም መናእሰያት ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ዝህብ ኦኣሲስ (Oasis) ብ 020 3228 5800 ኣቢልካ ደገፍ ክትረክብ ንሕግዘካ ንኽእል ኢና፡፡ እቶም ፀገማት እዞም ዝስዕቡ ከካትቱ ይኽእሉ፡
  - •ኣብ ትምህርቲ፡ ኮሌጅ ወይ ስራሕ ንምጽዋር ምፅጋም
  - •ብይንኻ ካብ ስድራን መሓዙትን ርሒቕካ ግዘ ምሕላፍ ምድላይ
  - •ጭንቀት፡ ቁጥዐ ወይ ሻቕሎት
  - •ኣብ ድቃስን ኣመጋግባ ከይዲ ለውጥታት
  - •ዝተደነጋገረ ወይ ድንግርግር ዝበለ ሓሳብ
  - •ሰባት ቁሩብ ዝገርሙ ወይ ዘይክውናዊ ዝመስሉና ስምዒት
  - •ብተደጋጋሚ ብዛዕባ ዝኾኑ ሓሳባት ወይ እምነታት ምሕሳብ
  - •ካልኦት ሰባት ክሰምዕዎም ወይ ክሪእዎም ዘይክእሉ ነገራት ከም ምርኣይ ዝኣመሰሉ ዘይተለመዱ ነገራት ተጓኒፉ፡፡

**ምርመራ ዓይኒ፡ ዝተኣዘዘ መድሕኒትን ምርመራ ስኒ**

- ✓ ክሮይደን መናእሰያት 16+ ኣገልግሎት ኣብ ናይ ዓይኒ ምርመራ፡ ዝተኣዘዘ መድሓኒትን ምርመራ ስኒ ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ፡፡ ብኽብረትካ ወፃእታት ብዛዕባ ምኽፋል ዝምልከት ክሕግዘካ ምስ ዝኽእል ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣዛርብ፡፡

**ውፉይ ምኩር ክንክን ዝኾነ ነርስ**

- ✓ ክሮይደን መናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ን ምኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ክልተ ውፉያት ዝኾኑ ነርስታት ኣለዎ፡፡ ነርስታትና ኣብ ተርንኣራውንድ ማእኸል (Turnaround Centre) ካብ 12 ድ.ቀ ጀሚሩ ዝመፁ እንትኸውን ዕድመኻ 18 ምስ መልአ ድማ ናይ ጥዕና ገምጋምን ዝኾነ ናይ ጥዕና ደገፍን ማዕዳን ኣድላይ እንተኾይኑ የቐርብ፡፡

**ምምኻር**

ካብቲ እቲ መዝገብ ኮሚቴ Croydon (Off The Record Youth Counselling Croydon) ኣብ ክሮይደን ዘለዉ ካብ 14-25 ዝኾኑ መንእሰያት ናይ ነጻን ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ማዕዳ ይህብ። ብዛዕባ ደገፍ ናይ ምርካብ ዕድል ንምዝታይ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ብ 020 8251 0251 ወይ ብኢ.ሜይል croydon@talkofftherecord.org. ርኸብ

**ጥዕንኡ ዝተሓለወ ኣመጋግባን ሂወት**

ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ክህልወካ ብዛዕባ ዕዳጋ ከዛርበካ እዩ፡፡ ናይ ኤንኤችኤስ ኢት ዌል (NHS Eat Well) ብዛዕባ ምሕላው ጥዕና መረዳእታ ኣለዎ እዩ፡፡ www.nhs.uk/live-well/eat-well

**ጾታዊ ጥዕና ኣገልግሎት**

ልክዕ ከም ካልኦት ጉዳያት ጥዕና ውልቃዊ ኣማኻሪ ንዓኻ ይሕግዘካን ፆታዊ ጥዕና ደገፍ ክትረክብ ይሕግዘካ፡፡ ፆታዊ ጥዕና ደገፍ ካብ ክሮይደን ፆታዊ ጥዕና ማእኸል (Croydon Sexual Health Centre) ኣብ ክሮይደን ዩንቨርስቲ ሆስፒታል ክሮይደን ማእኸል (Croydon University Hospital Croydon Sexual Health Centre) ዝርከብ ደገፍ ዘቕርብ እንትኸውን ሲ ካርድ (C Card) ተባሂሉ ዝፅዋዕ ኮንደም ናይ ምክፍፋል መደብ፡ ዘለዎ እንትኸውን ኣብ ቦሩ ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ክፋላት ብናፃ ኮንደም ምልዓል የኽእል፡፡

- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ እዚ ch-tr.sexualhealth@nhs.net 0208 401 3766 ብምርካብ ደገፍ ክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል

**ሓሽታትን ኣልኮላትን ምጥቃም ደገፍ**

ኣልኮል ወይ ሓሽሽ ኣብ ምጥቃም ፀገም ደገፍ እንተድኣ ደሊኻ ን ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ብዘይዝኾነ ፍርዳዊ ኣረኣእያ ምሳኻ ዝዝትይ ይኸውን፡፡ ክሮይደን ዘድልየካ ደገፍ እንተድኣ ኣሎ ክሕግዘካ ዝኽእል ስፔሻሊስት ኣሎ እዩ፡፡
መቐየሪ ነጥቢ (Turning Point) ቢሄራዊ ኣገልግሎት ኾይኑ ሓገዝ ስፔክትረም ኣብ Croydon ዘቕርብ እዩ፣ ኮይኑ ግና እቲ ናይ Croydon Recovery Network እውን ዝመርሕ እዩ።

- ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ብ 0300 123 9288 ኣቢልካ ደገፍ ኣብ ምርካብ ክሕግዘካ እዩ፡፡

**ሊቭ ዌል ክራይዶን(Live Well Croydon)**

ሊቭ ዌል ክራይዶን መደብ ጥዕንኡ ዝተሓለወ መስርሕ ሂወት ንነበርቲ Just Be Croydon ተባሂሉ ዝፅዋዕ መደብ ዘለዎ እንትኸውን እዚ ድማ እዩ ኣብ ሽጹሽተ ናይ ኣርእስታት ከም ሑጉስ ኩን፣ንጡፍ፣ካብ ኣልኮል ጥንቁቕ፣ዉሑስ ጾታዊ ርክብ፣ምግብን ካን ምትካኽ ነጻን ኣብ ዝብሉ ሓበሬታትን ምኽርን ይህብ። ደገፍ ኣብ ምርካብ ንዝሕግዘካ ብ livewell@croydon.gov.uk ወይ ቴሌፎን 0800 019 8570 ርኸብ ወይ ን ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣዘራርብ፡፡

**ናይ ገዛ ምጥቓዕቲ**

ዘቤታዊ ጥቕዓት እንተድኣ ኣጋጢምካን ወይ የጋጥመካ እንተድኣ ኣሎ ደገፈፍ ኣብ ምርካብ ክሕግዘካ ንዝኽእል ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣዛርብ፡፡

ኣብ ክሮይደን ክሕግዘካ ዝኽእል ኣገልግሎት ኣሎ እዩ፡፡ ዘካትቶ፡

- ናይ ናይ ስድራ ፍትሒ ማእኸል FJC (formerly Family Justice Centre) እዚ ማእኸል ንዓኻን ንስድራኻን ደገፍ ኣገልግሎት ንክትረክብ ክሕግዘካ ዝኽእል ስራሕ ዝሰርሑ ክእለትን ልምዲ ብዘለዎም ጉጅለ ዝመሓደር እዩ፡፡ ቀንዲ ዕላማና ድሕንነቱ ብዝተሓለወ መንገዲ ንድልየታትካ ምላሽ ምሃብ እዩ፡፡ ቴሌፎን፡ 020 8688 0100 ወይ ኢሜይል fjc@croydon.gov.uk

- 24 ሰዓት ሀገራዊ ዘቤታዊ ደገፍ መስመር: ናይ ደገፍ መስመር እቲ ዝድውል ሰብ ኣብ ዝርከበሉ ሀገር እንክይወፀ ንደገፍ ፡ ሓገዝን መረዳእታን ብቴሌፎን ኣቢሉ ይሕግዝ፡፡ ቴሌፎን፡ 0808 2000 247

- RASAC: RASAC ቅልውላው ማእኸል (RASAC Crisis centre) ኣብ ክሮይደን ናይ ፆታዊ ጥቕዓት ግዳያት ንዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ናይ ስፔሻሊስት ደገፍ የቕር፡፡ ቴሌፎን፡ .

  ✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ካብዞም ኣገልግሎታት ደገፍ ኣብ ምርካብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡

**LQBTQ+ ደገፍ**

እዚ ኣገልግሎትን ሌዝቢያን፡ ሰዶማዊ፡ ክልተ ፆታ ዝፈትው፡ ፆታ ዝቐየረን ፆትኡ ርግፀኛ ዘይኮነ (lesbian, gay, bisexual, trans and questioning) (LGBTQ) ዕድምኦም ካን 11 - 25 ንዝኾኑን ኣብ ክሮይደን ዝርከቡ ሰባት ነፃን ምሽጥራዊ ኣገልግሎት ዝህብ እዩ፡፡

✓ ናይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ብ 020 8305 5004 ወይ ኢሜይል Thebridge@croydon.gov.uk ኣቢልካ ተወሳኺ መረዳእታ ንክትረክብ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ፡፡

# ምኩር ክንክን ወለዲ ንዝኾኑ መናእሰያት



ንፈለማ እዋን ወላዲ ምዃን ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ነፍሰፁርን ኣብ ዝኾንክሉ እዋንን እቲ ህፃን ኣብ ዝውለደሉ ፈለምቲ ግዘታት ዘድልየኪ ደገፍ ከም ትረኽቢ ክነረጋግፅ ንደሊ፡፡

በዞም ዝስዕቡ መንገድታት ክንሕግዘኪ ኢና፡

✓ እቲ ትኽክለኛ ዝኾነ ጥቕሚ፡ ግራንትን ገበርቲ ሰናይ ዘቕርብዎ ነገር ብምርካብ መሰረታዊ ዝኾነ ነገር ክህልወኪ ምግባር፡፡

✓ ንውላድኪ ኣብ እትዳለውሉ እዋን መሰረታዊ ንዝኾኑ ኣቕሓታት ክሳዕ £500 ምቕራብ፡፡

✓ ኣዴታት ንዝኾና ናይ ምትንፋስን ናብ ቅድመን ድህረ ጥዕና ቆፀሮታት ክሕግዘን ዝኽእል ሰብ ምቕራብ ንኣብነት ውልቃዊ ኣማኻሪ ፡ እንተደሊኺ ናይ ቅድሚ ሕጂ ናባይ፡፡

✓ ናብ ቆፀሮታትን ንምውላድ ሆስፒታል ክትኸዲ ከለኺ መሓዙት/ኣባላት ስድራ ምሳኺ ንክመፁ ናይ መጎዓዝያ ወፃኢታት ምሽፋን፡፡

✓ ኣብ ውሽ ስድራን መሓዙትን ዘሎ ደገፍ ንክተለልይ ንምግባር ኣብ እዋን ጥንሲ ጉጅለ ስድራ ኮንፈረንስ ንክተካይዲ ዕድላት ምሃብ፡፡

✓ ኩሎም ኣቦታትን ኣዴታት ካብ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ናይ ህፃናት ማእኸል ኣብ ኣተዓባብያ ክእለት፡ ደገፍን ማዕዳን ሓገዝ ንክትረክብ ምግባር፡፡

✓ ተዛመድቲ ዝኾኑ ጥቕምታት ኣብ ምሕታትን እቲ ህፃን ኣብ ምምዝጋብ ዕድላት ምምችቻው፡፡

# ምኩር ክንክን ኣብ ትሕቲ መዕበይ ንዘለው መናእሰያት

ኣብ ትሕተና ዘለው ምኩራት ክንክን ዝኾኑ መናእሰያት ክንሕግዝ ኢና፡፡ እዚ ዘካትቶ ድማ፡

✓ ዝደለኻዮ መንገዲ መሰረት ብምግባር ብምዕሓፍ ወይ ብምጉብናይ ዘለና ርክብ ምቕፃል፡፡

✓ ምስ ወፃእኻ እትነብረሉ ቦታ ንክህልው ምድላዋት ንክትገብር ደገፍ ምግባር፡፡

✓ እቲ ዝድልየካ ደገፍ ከም ዘለካ ንምርግጋፅ ኣብ ምውፃእ ምሕጋዝ፡፡

✓ ምስ ውልቃዊ ኣማኻሪኻተሳትፎ ትገብር እንተድኣ ኮይንካ ብወርሒ £20 ናይ ትሕዝቶ ክፍሊት ክንሕግዘካ ኢና፡፡

✓ እንተድኣ ደሊኻ ምስ መሓዙትካን ስድራኻን ክትራኸብ ምሕጋዝ፡፡

✓ ክሳዕ ትፍታሕ ከም ፓስፖርት ዝኣመሰሉ ኣደስቲ መረዳእታት ደሕንነቶም ኣብ ዝተሓለዎ ቦታ ምቕማጥ፡፡

# ምኩር ክንክን ንበይኖም ዝበፁ ዑቕባ ሓተቲ መናእሰያት

ኣብ ሙኩር ክንክን ውሽጢ ዘለው ኣላይ ዘይብሎም መናእሰያት ንምሕጋዝ ድልዋት ኢና፡፡ ኣብ ክሮይደን ኣብ ምኩር ክንክን ውሽጢ ንዘለው ኣላይ ዘይብሎም ዑቕባ ሓተቲ ሰባት ወይ ስደተኛታት ደገፍ ክህብ ዝኽእሉ ትካላት ኣለው እዮም፡፡

✓ ናይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛኻ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ እዞም ዝስዕቡ ጉጅለታት ኣብ ምርካብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ፡፡

- እንጀራ ክለብ (Injera Club) ኣብ ሳውዝ ለንደን ዝርከብ ናይ መናእሰያት ክለብ እንትኸውን ዕድምኦም ካብ 14 ክሳዕ 21 ዝኾኑ ብዘይኣላይ ካብ ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሱዳንን ሶማልያ (መሓዙቶም ሓዊሱ) ዝመፁ ዑቕባ ሓተቲ ህፃናትን መናእሰያት ዝሕግዝ ክለብ እዩ፡፡ ኣብ እንጀራ ክለብ መናእሰያት ምስ ካልኦት ንክትሓዋወሱ፡ ፀወታ ክፃወቱ፡ መሐመሲ፡ ጠረቤዛ ቴኒስ፡ ኩዕሶ እግርን ኣብ ገዛ ዝተሰርሑ ባህላዊ መግብታት ክበልው ይዕደሙ፡፡ ብተወሳኺ ድማ ዎርክሾፓትን ግዳማዊ ምንቅስቓሳት ነካይድ፡፡ *info@daaroyouth.org.uk*.

- ያንግ ሩትስ (Young Roots) ኣብ ለንደን ዝርከብን ዕድምኦም 11-25 ምስ ዝኾኑ ስደተኛታትን ዑቕባ ሓተቲ መናእሰያት፡ ሙብዛሕትኦም ኣብ ዩኬ ንበይኖም ምስ ዝመፁ መናእሰያት ዝሰርሕ ገባሪ ሰናይ እዩ፡፡ መናእሰያት ድሕንነቶም ንምምሕያሽን ዘለዎም ዓቕሚ ንክጥሙ፡ ብዕውቕ ሓደ ን ሓደ ጉዳይ ስራሕ፡ ናይ መናእሰይ ምንቅስቓስ ስፖርት፡ ኣብ ቋንቋ ኢንግሊዝኛ ደገፍ ብምግባር፡ መራሕቲ መናእሰያትን ቴራፒን ሕጋዊ ማዕዳ ክረኽቡ ምግባር፡፡ ናብዚ ዝስዕብ ኢሜይል ብምልኣኽ ክትረኽቦም ትኽእል፡ london@youngroots.org.uk ወይ 020 8684 9140

- ስደተኛታት ካውንስል (Refugee Council) ብቐጥታ ምስ ኣላይ ዘይብሎም ዑቕባ ሓተቲ መናእሰያት ማዕዳን መምርሕታት ብምሃብ ይሰርሕ፡፡ ኣብ 0808 175 3499 ወይ www.refugeecouncil.org.uk/get-support/services/childrens-advice ክትረክብ ትኽእል

ኣላይ ዘይብልካ ዑቕባ ሓታቱ እንተኾይንካ ማህበራዊ ሰራሕተኛኻ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ኣብዚ ናይ ምዕናሕ ፈቓድካ ግዝኡ እንተይሓለፈ ናይ ምፅናሕ ፈቓድካ ንምንዋሕን ናብ ሆም ኦፊስ (Home Office) መመልከቲኻ ንክተእትው ይገብሩ፡፡ እዚ ድማ ዕድመኻ 18 ክመልእ ከሎ ናይ ሜላ ጥርዓን ከተቕርብ ከለኻ ብቑዕ ክትኸውን የኽእለካ፡፡

✓ መንገዲ ትልሚ ኣብ ዝምዕበለሉ እዋን ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪ ዕድመኻ 18 ክመልእ ከሎ ብዛዕ ዘለው ኩነታት ኣማራጽታት ክትሓስበሎም ይሕግዘካ፡፡ ዘካትቶ፡

1. ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ክትነብር ከለኻ ቀዋሚ ናይ ስደተኛታት ኩነታት ኣብ ዘይብልካ እዋን ግዝያዊ ናይ ስግግር ትልሚ፡፡

2. ኣብ ዩናይትድ ኪንግደም ነዊሕ እዋን ትልሚ ዝኸውን ንነዊሕ እዋን ናይ ምፅናሕ ፈቓድ ምርካብ እዩ (ንኣብነት ናይ ስደተኛታት ኩነታት ብምርካብ ኣቢልካ)

3. ኣብ ዝኾነ ግቡእ እዋን ናብ መበቆል ሀገርካ ናይ ምምላስ ትልሚ ወይ ዑቕባ ተቐባልነት ኣብ ግምት ዝኣትወሉ ከይዲ ኣብ መወዳእታ ግዘ እንተበፂሑ፡ ካብ ዩኬ ንምውፃእ ብምውሳንካ ወይ እንተተገዲድካ፡፡

- ✓ ናይ መናእሰያት 16+ ኣገልግሎት ኣሉታዊ ናይ ስደተኛታት ኩነታት ንዘለዎ ሰብን ዝኾነ ዓይነት ህዝባዊ ፈንድ ዘይብሉ (No Recourse to Public Funds) (NRPF) ክሳዕ £1500.00 ዘቕርብ እንትኸውን፤ እዚ ድማ ዝትግበር ዕውት ብዝኾነ መንገዲ መንግስታዊ ፈንድን ኣገልግሎትን ከረኽቡ ኣይክእሉን ተባሂሉ እንተተሓሲቡ እዩ፡፡

**ዜጋታት ብሪጣንያ**

ናይ ብሪጣንያ ዜግነት እንተዘይሃልይካ እንተኾነ ግና ክተመልክት ብቑዕ እንተኾይንካ መመልከቲ ክተመልክትን ናይቲ መመልከቲ ወፃኢ ኣብ ምሽፋን ክገብረልካ እዩ፡፡: https://www.gov.uk/apply-citizenship-indefinite-leave-to-remain

# ዕድምኦም 21ን ልዕሊ 25 ዝኾኑ ምኩር ክንክን መናእሰይ

ዕድምኦም ልዕሊ 21 ንዝኾኑ ምኩራት ክንክን መናእሰይ እንተድኣ ደልዮም ዕድምኦም 25 ክሳዕ ዝኸውን ንህቦ ደገፍ ይቕፅል፡፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ደገፍ እንተዘየድልይካን፤ ኣብ ዝኾነ እዋን ግና ደገፍ እንተድልይካ ንመናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ብምርካብ ዕድመኻ 25 ክሳዕ ዝመልእ እቲ ኣገልገግሎት ዳግማይ ንክጅመር ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡

ዕድመኻ 25 ድሕሪ ምምልኡ ግና መንገዲ ትልሚ ኣይህልወካን፤ እንተኾነ ግና ተወሳኺ መረዳእታ፡ ማዕዳን መምርሒ ንምርካብ ኣገልግሎትና ምርካብ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ ንሕና እውን ብዝከኣለና መንገዲ ክንሕግዘካ ኢና፡፡

# ጥብቅና ደው ምባል፡ ጥርዓናትን ዘይሻራዊ ክትትል

**ብ ባርናርዶስ ዝቐርብ ተጣባቕነት (Barnardo's)**

ድምፅ ክህልወካን መሰላትካ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፤ ስለዝኾነ ንዓኻ ብዛዕባ ዝቐርበልካ ደገፍን ማዕዳን ኣብ ምርዳእ ደገፍ ክንገብረልካ ኢና፡፡

ናይ ክንክን ተሞክሮ ንምምሕያሽን እቲ ከም ምኩር ክንክን እትረኽቦ ደገፍ ኣብ ምምሕያሽ ክሕግዘና ብትኽክል ርኢቶኻ፡ ባህግኻን ስምዒትካ ክነዳምፅ ንደሊ፡፡ ንዓኻ ናይ ምድማፅን ፍትሓውን ክብሪ ዝተመልአ መንገዲ ምትእንጋድ ሓላፍነት ዘለና እንትኸውን፤ ተመሳሳላይ ዝኾነ ነገር እውን ካባኻ ትፅቢት ይግበር፡፡ ዘይሐጎሰካ ዝኾነ ዓይነት ነገር እንተድኣ ኣሎ ንውልቃዊ ኣማኻሪ ክተዛርብ ነተባብዐካ፡፡

ትድመፅ ከም ዘየለኻ እንተድኣ ተሰሚዕካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ክትፈልጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናይ ህፃናት ኣገልግሎት ካብ ዝኾነ ሓደጋ ክሕልውኻን ድልየትካ ዘማልእ ኣገልግሎትን ደገፍን ክቕርቡልካ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡

ብዛዕባ ዘለው ፀገማትካ ንዝኾነ ሰብ እንተድኣ ኣዘራሪብካ ወይ ብዛዕባ እቲ ኣገልግሎት ተወሳኺ መረዳእታ እንተድኣ ደሊኻ ኣብ ባርናርዶስ (Barnardo's) ዝርከቡ ተጣባቒ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ናፃ ቴሌፎን: 0808 800 0017
ቴሌፎን፡ 020 8509 3432
ኢሜይል: advocacy2@barnardos.org.uk

ገለገለ እዋን ፀገማት የጋጥሙ እዮም፤ ኪጋጥሙ ከለው ድማ ብዝተኽኣለ ፍጥነት ፀገማት ናይ ምፍታሕ ፖሊሲ ኣለና፡፡ ግቡእ ብዘይኮነ መንገዲ ተታሒዝካ ወይ ብዝኾነ መንገዲ ኣድልዎ እንተበፂካ ወይ ብዛዕባ እቲ ዝረኸብካዮ ደገፍ ወይ ኣገልግሎት ሕጉስ እንተዘይኮይንካ ተጣባቒኻ እዚ ፀገም ንምፍታሕ ክሕግዘካ እዩ፡፡

**ጥርዓናት**

Croydon Council ጥርዓን ምፍታሕ ጉጅለ (Croydon Council Complaints Resolution Team) ኣብ 020 8726 6000 ክተዛርብዎም ትኽእሉ

ጥርዓን እትምዝግብሉ ዝቐለለ መንገዲ ንጉጅለ ጥርዓን ብ complaints@croydon.gov.uk ኢሜል ምግባር ወይ ንዚ ዝስዕብ ምፅሓፍ እዩ፡

ናይ ጥርዓን ምፍታሕ ጉጅለ (Complaint Resolution Team)
5th Floor, Zone D
Bernard Weatherill House
8 Mint Walk
Croydon
CR0 1EA

**ዘይሻራዊ በፃሒ**

ንስኻ ወይ ውልቃዊ ኣማኻሪኻ ዘይሻራዊ ጠያቒ ክህልው ክሓትት ይኽእል እዩ፡ እዚ ሰብ ድማ ብወርሒ ሓደ ግዘ ንስኻ ዘዘናግዐካ ነገር ንምስራሕ ምሳኻ ግዘ ዘሕልፍ ወለንታዊ እዩ፡፡ እንተነኣሰ ንዓመት ዝረኽቡኻ እንትኸውን እቲ ርክብ ክቕፅል እንተድኣ ደሊኻዮን ንሶም ድማ እንተኽኢሎም እቲ ርክብ ቀፃላይ እዩ፡፡ ናይዚ ሓሳብ በዓል ሞያ ኮይኑ ስራሕ ዝሰርሕ ዘይኮነ እትኣምኖ ዓብይ ሰብ ክህልው እዩ፡፡ ኣብቲ ቦታ ዝርከቡ ንዓኻ ንምርካብን ምሳኻ ግዘ ንምሕላፍ እዩ፡፡

# ድሕንነት ምሕላው

ውሑስነት ስምዒት ንክስምዐካ ንምሕጋዝን ንምትብባዕ ዝተኽኣለና ክንገብር ኢና፡፡ እንተኾነ ግና፡ ብዛዕባ ህፁፅ ደሕንነትካ ወይ ሀንደበታዊ ሓደጋ እንተድኣ ተሸቒልካ ቴሌፎን ክትድውል ትኽእል፡፡

**ሀንደበታዊ ሐደጋ ኣገልግሎት**

999 - ንሀንደታዊ ሓደጋ ናይ ፖሊስ፡ ባርዕን ኣምቡላንስ
111- ህፁፅ ንዘይኮነ ጉዳያት ፖሊስ
NHS
111- ሀንደበታዊ ንዘይኮኑ ናይ ሜዲካል ፀገማት ደገፍን ንሂወት ዘስግእ እንተዘይኮይኑ ማዕዳ፡፡

**ኣእምሮ ጥዕና ፀገም ደገፍ**

0800 731 2864 - ሳውዝ ለንደንን ማዱስሊ ኣእምሮ ጥዕና South London and Maudsley (SLaM) Mental Health 24 ሰዓት ዝሰርሕ ናይ ደገፍ መስመር

**ሳማሪታን (Samaritans)**

116 123 – 24 ሰዓት ዝሰርሕ ናይ ደገፍ መስር እነትኸውን ኣብ ዓመት ን 365 መዓልቲ ዝሰርሕን ኣብ ዝኾነ ሰዓት ብናሃትካ መንገዲ ብዛዕባ ዘሻቕለካ ዘሎ ጉዳይ ከዛርበካ ዝኽእል ውሑስ ቦታ እዩ፡፡

# ፀገማት ምግጣም

ዝኾነ ዓይነት ፀገም ወይ ከቢድ ማሕለኻ ኪጋጥመካ ከሎ ንዓኻ ንምሕጋዝ ድልዋት ኢና፡፡

- ✓ ብዛዕባ ዘጋጠሙኻ ፀገማት ክሕግዙኻ ንዝኽእሉ ውልቃዊ ኣማኻሪ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ክተዛርብ ትኽእል ኢኻ፡፡

- ✓ ውልቃዊ ኣማኻሪ ወይ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ፅገም ንዘጋጠሞም ሰባት ህንደበታዊ መግብን ደገፍን ከቕርቡ ንዝኽእሉ ትሩሴል ትረስት መግቢ ባንኪ ሪፈር ክገብረካ ይኽእል እዩ፡፡

- ✓ ኣብ ህንደበታዊ ሓደጋ እዋን ትሩሴል ትረስት ክትረክብ እንተዘይክኢልካ ኣብ ተርን ኣራውንድ ማእኸል መግብን አድለይቲ ዝኾኑ መሳርሕታት ዘቐመጥና እንትኸውን ንዝተመደበልካ ሰራሕተኛ ወይ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ንዝርከብ ሰብ ብምርካብ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

# ዝርዝር ኣድራሻ

ናይ መናእሰይ 16+ ኣገልግሎት ዝርዝር ኣድራሻ፡

ኣድራሻታት፡ ክሮይደን ተርንኣራውንድ ማእኸል (Croydon Turnaround Centre) 51-55 S End, Croydon CR0 1BF
ቴሌፎን፡ 0208 7605519
ኢመይል: CEYPduty@croydon.gov.uk

ካብ ሶኒ ክሳዕ ዓርቢ ካብ 9ቅ.ቀ– 5ድ.ቀ ኣብ Bernard Weatherill House, 8 Mint walk Croydon, CR0 1EA. ኣብ ስራሕ ዘለው ሰራሕተኛታት ኣለው እዮም

**ክሮይደን ማሕበራዊ ክንክን (Croydon Social Care) ህንደበታዊ ሐደጋ ጉጅለ**

ካብ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ (9 ቅ.ቀ- 5 ድ.ቀ/ሶኑ ክሳዕ ዓርቢ) ህንደበታዊ ደገፍ እንተድኣ ደሊኻ ወይ ክሳዕ ቀፃላይ መዓልቲ ክፀንሕ እንተዘይክኢሉ ናይ ማህበራዊ ሰራሕተኛ ህንደበታዊ ኣገልግሎት ብ 0208 726 6400 ብምድዋል ካብ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ዝሰርሕ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ ጉጅለ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡